# *ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሹፕርታልን፡ ከተማታት ኖርድራይን ቬስታፋልያ ሰማእታቶም ብኽብሪ ዘኪሮም*

*ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሹፕርታልን ፡ ከተማታት ኖርድራይን ቬስታፋልያ ግዱሳት ኤርትራውያንን ኣዕሩኽን ፈተውትን ኤርትራን ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን ዝተረኽብሉ ብዕለት 19.06.2014 ኣብ ከተማ ሹፕርታል ጥዋፍ ሰማእታቶም ኣብሪሆም ናይ እግሪ ጉዕዞ ብድሕሪ ምኪያድ ፡ ብዕለት 21.06.2014 ካብ ሰዓት 11.00 ክሳብ ሰዓት 16.00 ኣብ ገረብ ስውኣት ተራኺቦም ማእታቶም ብኽብሪ ዘኪሮም።*

*ብዕለት 21. 06. 14 ኣብ ገረብ ስውኣት ተራኺቦም መደብ ብዝኽረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት ፡ ኣደ መንበር ሽ/ማ/ኮም ሹፕርታልን ከባቢኣን ወ/ሮ ደመት* ስምኦን *መግለጺ 20 ሰነ ሰማእታት ኤርትራ ፡ ኣብ ዘቕረበቶ ፡ እዞም ንልዕላውነትን ናጽነት ሃገረን ንኽብሪ ህዝብን ተበጀዉ ሰማእታትና ንኽነቐስን ፡ ህዝቢ ኤርትራ እታ ምስጢር ዓወታቱ ዝኮነት ዓባይ ሓይሉ "ሓድነቱ" ንወትሩ እናትረረ ንዝመጸ ተጻብኣታት ብስሙር ሃገራዊ ፍቕርን ኒሕን ስጡም ሓድነትን መኸትኡ ንኽሕይል ዘተባባብዕ መልእኽቲ ነበረ።*

*ስዒቡ ብወከልቲ ሃገራውያን ወዳቤታት ናይቲ ከተማን ተሳተፍቲን መደረን ግጥምን መግለጺታትን ብመንእሰያትን ሕጻናትን ድማ ዜማ ሰምእታትን ብድሕሪ ምቕራብ ተሳተፍቲ ሽምዓ ብምብራህን ጽጌሬዳታት ብምብርካትን ንኣብነታዊ ጅግንነትን ተወፋይነት ሰማእታት ኤርትራ ብምሙዃስን ብምስትንታንን ንሰማእታቶም ሕልናዊ ጸሎት ብምብጻሕን ፡ ቃል ኪዳኖም ብምሕዳስን ፡ ብበሪኽ ሃገራዊ መንፈስ ሕድሮም ከጽንዑን ከም ወትሩ ድሉዋት ምህላዎም* ኣረጋጊጹ። *ብምቕጻል፡ ነቶም ሎሚ ዓመት ኣብ ምሕብሓብ ስድራቤት ስዉኣት ዝተሳተፉ ኣብነታውያን ኤርትራያን ፡ ምስክር ወረቐት ተዓዲሉ።*

*መደብ ሰነ 20 – 2014፡ ብዉሁድ ምትሕብባርን ግብራዊ ኣበርክቶን ኤርትራውን ውዳቤታትን ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሹፕርታልን ፡ ከተማታት ኖርድራይን ቬስታፋልያ ብጽፈትን ብውህደትን ተዛዚሙ።*

*ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ፡ ናጽነትን ክብርን ኣልቢሶም*
*በጃ ንዝሓለፉ ሰማእታትና !*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ማ/ኮም ሹፕርታል ከባቢኣን*
*ዕለት ፡ 22.06.2014*